# ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡
# ኣብ ጽምብል መዓልቲ ሓርነት ኤርትራ



**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡**

ንሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ምስ ኩሎም ፈተውቱን፡ ሓራ ህዝቢ ዓለምን ዮሃና!

ኣብዚ ካብ ዓመት ናብ ዓመት፡ እናደመቐን እናሓየለን ዝኸይድ ጽምብላት፡ ነዛ ናይ 34 ዓመት ዝኸሪ ናጽነት፡ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት፡ ግርማ ዘልበሱ ኩሎምን፡ መልእኽቲታት ዮሃና ዝለኣኹን፡ ልዑል ምስጋና!

ናጽነትናን ልዑላዊነትናን ውህደትናን ብጹእነት መርየትናን (Independence, Sovereignty, Unity, Territorial Integrity)፡ ዓመት-ዓመት፡ ኣብ ውሽጢ ከቢድ መስርሕን ምዕባለን ሃገራዊ ህንጸትና (NationBuilding) ኣብ 'ንግምግመሉ፡ ብመንጽር ዓለማዊን ዞባዊን ምዕባለታት ኪርአ'ንከሎ፡ ናጽነትና ምሕያልን ምድራዕን፡ ካብቲ ሃንቀው ንብሎ፡ ርትዓዊ ዓለማዊ ስርዓትን፡ ዞባዊ ናይ ምክብባርን ምምልላእን ምትሕግጋዝን ርግኣትን ራህዋን ጥምረት፡ ተነጺሉ ስለዘይርአ፡ ነቲ ዓለማዊን ዞባዊን ሃዋሁ፡ ብወድዓውነትን ተዛማድነትን ከነንብቦ ግቡእ'ዩ።

ኣብ ናይ ዓሚን፡ ናይ ቅድሚኡን ዝነበሩ ምዕባለታት ቅኑዕ ንባብና ኣብ ቦትኡ'ንከሎ፡ ናይ'ዚ ናይ 34 ኣጋጣሚ፡ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ኣብ ኣሜሪካ፡ ምምጻእ ፕረዚደንት ትራምፕ'ዩ። ምስ ፍሉይነቱ፡ ምስ ርዱእ ዓለማዊ ሚዛን ኣሜሪካ፡ መበገሲ ፖሊሲታትን ኣካይዳን ኣሰራርሓን፡ ብኣጋ ምቕማር፡ ዕቱብ ዕዮ-ገዛ የድልዮ።

እቲ ቅቡል እዚ እናኾነ፡ እቲ ተርእዮን ዲናሚክነቱን፡ ዝተሓላለኸን ከቢድን ስለዝኾነ፡ ህዉኽ መደምደምታታት ካብ ምሃብ፡ ዝያዳ ትዕግስቲ ዝሓትት'ዩ።

ነቲ እዉጅ መርሓ "ማጋ" (MAGA)፡ ከም መእተዊ እንተወሲድና፡ ንኣሜሪካ ዳግም 'ዓባይ' ንምግባር፡ ወይ ኣሜሪካ ዳግም ዓባይ ክትከውን እንተኾይኑ'ቲ ሽቶ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ቅድሚ እስትራተጂን ውጥናትን ኣከያይዳን፡ ቅጅል ዝብል ሕቶታት ኣሎ። "ዓባይ" እንታይ ማለት'ዩ? ስለምንታይ'ያ ኣሜሪካ ዓባይ ዘይኾነት'ሞ፡ ዓባይ ክትከውን ዝድለ ዘሎ? ብኸመይከ፡ ዓባይ ክትከውን ትኽእል?

"ዓባይ" ማለት፡ ዝበልጸገት/ ዝሃብተመት፡ ብኢንዳስትሪያዊ ውጽኢት፡ ዝዓበየት፡ ብቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ፡ ዝቐደመት፡ ብወተሃደራዊ ጉልበት፡ ዝሓየለት፡ ብክሊ-ጽልዋ፡ ዝዳረጋ ዘይብላ፡ ተፈራሂት፡ .... ወዘተ፡ ከም ሓፈሻዊ መውከሲ እንተ ወሲድና (ዝውሰኸን ዝቕየርን ኪህልዎ ይኽእል)፡ ካብ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኣሜሪካ ጀሚርካ ከይበልና፡ ዓለማዊ መካን ኣሜሪካ፡ ኣብ መዋእል "ዝሑል ኲናትን፡ ኣብ ናይዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት "እንኮ-ቐጽራዊ" ዕንደራታት መዋእልን፡ ዝነበሩ ክስተታት፡ ወድዓዊ ንባብ ይሓትት። ምስኡ ኣጥቢቕና፡ መጻኢ'ኸ፡ እንታይ ኪመስል ይኽእል፡ ንብል።



ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኲናት፡ ኣብዘን ዝሓለፉ 35 ዓመታት ጥራይ እንተ ተዓዚብና፡ "ዓለም ብዘይተወዳዳሪ ክንቈጻጸራ ኢና" ኣብ ዝተባህለሉ፡ ምስ ኣባኻኒ ወጻኢታት ምምሕዳራት ዋሺንግተን፡ ተዋህሊሉ ዘጋልብ ዘሎ ልዕሊ 30 ትሪልዮን ዕዳታት ኣሜሪካ፡ ባዕሉ ዝዛረብ ሓደ ኣመልካቲ'ዩ (indicator)። ብተመሳሳሊ ዓንዳሪ ፍልስፍና ምምሕዳራት ዋሺንግተን፡ "ዝሓሰረ ተኽፋሊ (cost) ዕዮን ጽዓትን፡ ምስ ትሑት ኣህላኽነት ኣብ ዘለወን ሃገራት

- ቻይና ቅድሚት -ኢንዱስትሪታትና ኣሳጊምና፣ ዝያዳ መኽሰብ ከነኻዕብት ኢና” ዝተባህለ'ውን፡ ከቢድ ክሳራታት'ዩ ኣኸቲሉ። ሎሚ፡ ብኢንዱስትሪያዊ ውጽኢት (industrial output) ኣብ ዓለም ቀዳመይቲ፡ ቻይና'ያ። ኣብ ቴክኖሎጂያዊ ጸብለልነት'ውን፡ ኣብ ዝተፋላለየ ክፋላቱ፡ ዝነበረ መዓርግ ኣሜሪካ ዘቢሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ መጻኢ ምዕባለታቱ፡ ንናይ ኣሜሪካ ‘ቀዳማይነት ዝእምት ኣይኮነን። ብወተሃደራዊ ጉልበት፡ ኣሜሪካ ዝሓየለት ኣይኮነትን። ብዘይካ ናይ ናቶ ፈርካሽ ቁመና፡ ዝተፈላለዩ መምዘኒ ዝርዝራት ዝእምትዎ'ዩ። ብ'ፓረይዳት ኬርየራት'ን ከም በዓል የመን ምድሃኽን፡ ብዝሒ ኑክለራዊ ኣጽዋርን፡ ዝዕቀን ኣይኮነን። ርትዓዊ ውድድርን፡ ሓራ ዕዳጋታት ንግድን ኣብ ዘይብሉ፡ ርትዓዊ ምምቕራሕ ሃብቲን እቶትን (wealth/ income sharing)፡ ኣብ ዘይብሉ፡ ናይ ሓረጣን ጥንቈላን/ዛዕጐልን፡ ፊናንስያዊ ስርዓት “ባዶ-ድምር” (zero-sum)፡ ወረቐት እናሕተምካን፡ እገዳታት እናበየንካን እናሃደድካን ዝሕለን መኽሰባት'ውን፡ ይንፈግን ይንቈትን'ዩ ዘሎ። እቲ ህሉው ኩነት፣ ሰፊሕ ዝርዝራዊ መወከሲታት ኣለዎ።

እቲ ህልው ኩነት፡ ከም ዘለዎ ኮይኑ ግን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዕዳታት ኣሜሪካ ንምስራዝ ወይ ንምንካይ፡ ኣባኻኒ ፌስካላዊ ወጻኢታት ንምጽልጻል፡ ዝሳገመ ኢንዱስትሪታትን ወፍሪን፡ ንምምላስን ምስሓብን ምጥያስን፡ … ቀረጽን ግብሪን ምብዛሕ፡ ዘቤታዊ ግብሪ ምንካይ፡ ሓይሊ ምርኣይን ምህዳድን፡ ንጡፍ ዲፕሎማሲታትን ህዝባዊ ርክባትን ምውንጫፍ፡… ወዘተ፡….ወዘተ፡ ነታ ዓባይ ኣይኮነትን ኢሉ፡ ዓባይ ኪገብራ ዝደሊ ኣሜሪካ፡ ዛጊት ኣዊጁዎ ዘሎ ፖሊሲታት/ ተበግሶታት'ዩ። ብተናጸል፡ ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት፡… ከምኡ'ውን ምስ ቻይና፡ ሩስያ፡ ኤውሮጳ፡ እስያ፡ ላቲን ኣሜሪካ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት ይኹን፡ ብጥሙር፡ ኣብ ኩሎም ኣርእስቲታት፡ ኣብዚ ዝመጽእ 4 ዓመታት ኪኸተሎ ዝኽእል ኣካያይዳ ንምግማት፡ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ሰሪዕናዮም ዘሎና ሲናርዮታት፡ ብደቂቕ መወከሲታት፡ ናይ ሰዓት-ሰዓት ምክትታልን ገምጋምን ዝሓቱ'ዮም። ናይ መዋእላት፡ ውህሉል ዝምቡዕ ፖሊስታት ምእራም፡ “ፈጺሙ ኣይከኣልን'ዩ” ተዘይተባህለ፣ ኣዝዩ ተሪር ዓቐብ'ዩ። ብዓቢኡ ግን፡ ናይተን ፖሊስታት ዝቐንዓለን ዘሎ “ዓበይቲ” ዝበሃላ ሃገራት / መንግስታት፡ ግብረመልሲን ጽምዶታትን፡ ምስ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ምፍላጥን፡ ኣዛሚድካ ምትንታንን፡ ኪዝንጋዕ ኣይግባእን።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ኣብ ኩሉ'ዚ ዓለማዊ ቊርቊስ ናይ'ዚ ዘሎናዮ “መሰጋገሪ መዋእል” ናይ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት፡ ዝተዋሰነት ኣፍሪቃ፡ ኣብቲ ምዕሪት (equation) ዳርጋ የላን ኪበሃል ይከኣል። እታ ምስ ኩሉ ዕቑር ባህርያዊ ጸጋታታ፡ ጥረንዋት ብብላሽ እናሰደደት፡ ምስሩሓት ፍርያት ብሓረጣ እናሸመተት፡ ብመግደፍ ረድኤት፡ ኣብ ፍልማዊ

(primitive) ቁጠባ ዕንጋሎ (subssistence) ትሓልፎ ዘላ ኣፍሪቃ፡ ቁሊሕ ስለዘይተባህለት፡ ዘተሓሳስብ ወይ ዘገርም ኣይኰነን። ብመንጽር ናይ ትራምፕ ኣመታዊ ፖሊሲታት ኪርአ’ንከሎ፡ “ዘይተሓስበሉ / ዘይተገመተ ሳዕቤናት” (unintended consequences) ከም ዝበሃል፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብመግደፍን ድጎማን፡ ኣሜሪካን ካልኦትን፡ ኪኸይድ ዝጸንሐ ሰንኮፍ ስርዓት ኪቕየር፡ ንኣፍሪቃውያን ዕድል ዝህብን፡ ዝቕስቅስን’ዩ። ብኸመይ ኣፍሪቃ ኣብዘን ዝመጻ 4 ዓመታት ትዋሳእ ጥራይ ዘይኰነ፡ ንዘላቒነት ዝህልዎ ርትዓዊ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ምምጻእ፡ እንታይ ክትገብር ትኽእል? ዛጊት ተነዲፉ ዘሎ ፖሊሲታትና፣ ከሊስና ከነስፍሕን ከነዐሙቕን ዝሕግዝ’ዩ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን



እቲ ዝቐረበ ዞባዊ ኩነታትና’ኸ? ካብቲ ‘ጎዶቦና’ ንብሎ፡ ናይ ምክብባርን ምምልላእን ምትሕግጋዝን፡ ርግኣትን ራህዋን ጥምረት (Mutual Respect, Complementarity, Cooperation, … Stabsility, Prosperity, Integration)፡ ዘሎና ቀዋሚ እስትራተጂ ዝብገስ ኰይኑ፡ ምስ ጂኦ-እስትራጂያዊ ተኣፋፍነት ናይ’ቲ ጐደቦ፡ “ጽልዋታት ንምዕባይ” ዝግበር /ዝህቀን ምትእትታዋት ሸርሒታትን ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ናይ ዘሎ ቅልውላዋት፡ ከም ኣብነትን ኣመትን ክንወስድ ንኽእል።

ህዝቢ ሱዳን፡ ካብ 1956፡ ናይ ሃገራዊ ህንጸት ጉዕዞኡ፡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ገስጋስ ኣመዝጊቡ ነይሩ ኪበሃል ዝከኣል’ኳ እንተኾነ፡ ካብ 1989  ንደሓር፡ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት፡ ብናይ “እንቓዝ” ዕንደራ፡ ዝወረዶ  ሓደጋ፡ ምረሻኡ ተጐቲቱ’ዩ። ህዝቢ ትዕግስቱ ምስ ጸንቀቐ፡ ብፍኑው ናዕቢ ነቲ ዕንቅፋት ኣልዩ፡ ኣብ መድረኽ

ምስግጋር ኣትዩ። ናይቲ ምስግጋር ሕድሪ ከኣ፡ ክንዲ ህዝቢ ሱዳን፡ ልዑላዊ ሰራዊት ሱዳን ተረኪብዎ። ምስ ናይ ሱዳን ጂኦእስትራጂያዊ ኣገዳስነት፡ ምስግጋር መድሎ ከይረኸበ፡ ክንሕንፍሽ ዝበሉ ግዳማውያን ሓይልታት፡ ካብ ውሽጢ መጋበርያ ዝኾኑዎም ጃንዳታት እናዓደጉ፡ ነቲ "መሰጋገሪ" ሓላሊኾም፡ ህልኸን ቈይቍን እናጋውሑ፡ ናብ ወተሃደራዊ ምትፍናን ኣዕሪጎም፡ ነቲ ረጽሚ፡ ብመገዲ "ጐረባብቲ" እናመወሉን እና'ንበድበዱን፡ ከማሕድርዎ ይነጥፉ'ለው። ናይ ኩሉ'ዚ ግዳይ፡ ካብ መከራ ናብ መከራ ወዲቑ ዘሎ ህዝቢ ሱዳን'ዩ። ነቲ ጉዕዞኡ ኲሊፉ መከራ ዘውርደሉ ዘሎ ሽርሒ ተመኵሩሉ፡ ተቓውሞኡ ከስፍሕን ከሐይልን ተበጊሱ'ሎ። ጎደቦ ሱዳን ከኣ፡ ሕልናዊ ሓላፍነቱ ተሰኪሙ፡ ዘይተቘጠበ ደገፍ ንህዝቢ ሱዳን ኪህብ ግቡእ እምበር፡ ግንያ (favor) ኣይኰነን።

## ኣብ ኢትዮጵያ'ኸ!

ኣብ ኢትዮጵያ'ኸ! ንልዕሊ 80 ዓመታት፡ ወይ ሰለስተ ወለዶታት፡ ኢትዮጵያ 'ናይ ወኪልና ወኪል ክትኰነና'' ዝበሉ ናይ ዋሺንግተን ፎስተራት (ጃንዳ ፎስተር ዳላስ) ዘበገስዎ ዝምቡዕ ፖሊሲታት፡ ዘኸተሎ ቅልውላዋትን ዕንወትን፡ ኣብ መዛግብቲ ስኑድ'ዩ። ኣብ መዋእል ዝሑል ኲናት፡ ብተመሳሳሊ መጐት፡ መራሕቲ "ሶቭየት-ነበር" ዝፈጸሙዎ ጌጋታት'ውን፡ ስኑድ'ዩ። ናይ ክልተ ወለዶ፡ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕድል ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲሩ። ድሕሪ ምኽታም 'ዝሑል ኲናት''፡ ናብ ሃገር ዜግነት ምህናጽ ክንዲ ምብጋስ፡ ኤትኒካዊ ምትፍናን ዘጋድድ ዝተወሰደ ሕርያ፡ ዘኸተሎ ዕንወት፡ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኰነን።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 7 ዓመታት፡ ድሕሪ ኩሉ'ቲ ኤትኒካዊ ፈደራልነት፡ ዘኸተሎ ቅልውላዋትን ዕንወትን፡ "እረማ/ 'ሪፎርም' መጺኡ" ኣብ ዝተባህለሉ፡ ከም'ቲ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝገንፈለ ናይ ተስፋ ስምዒት፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራን ካልኦት ህዝብታት ጐረባብቲን፡ ህዝብታት ዓለምን ዝፈጠሮ ተስፋታት፡ ናይ ትማሊ ተዘክሮ'ዩ። እቲ ትስፉው ናይ ህዝብታት ሃንቀውታ ዘሰናበዶም ናይ ግዳም ሓይልታት ግን ኣይቀሰኑን። ኣብ ውሽጢ ናይ'ዚ ቀረባ ዓመታት ጥራይ፡ ብስም ብልጽግና (ከም ሓድሽ ወኪል)፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣዊጆሞ ዘለዉ ኲናታት፡ ናይ ጭንቀቶም መርኣያ'ዩ። ብዝተፈላለየ መኣዝናት፦ ናይ "ማያት"፡ ናይ "ኒልን ቀይሕ-ባሕሪን"፡ ናይ "ባሕሪ መስኮት''፡ ንህዝቢ ኦሮሞ ዘይውክል ናይ "ኦሮሙማ ስነሓሳብ''፡ ናይ 'ኩሻውያንን ሴማውያንን'' ሕንቅልሕንቅሊተይ፤ ናይ "ኤትኒካት ሓድሕድ ኲናት''፤ . . . "ህዝቢን መርየትን ዓፈር፡ ከም መድርኽ መጻወቲ ምምዝማዝ" . . . ወዘተ፡ እቲ ዕንደራን ምህውታቱን፡ ህድማ ንቕድሚት'ዩ። ነዚ እውጅ ኲናታት ንምብራዕ ዝኻረት ዘሎ "ቴክኖሎጂን" ኣጽዋርን፤ ምስ ዘሰንዮ ጃህራን ፈኸራን፡ ምዝጉብ'ዩ። ንመዐደጊን መበከሊን ዝሰድዑ ዝወጽእ ዘሎ ዶላራት'ውን፡ እልቢ የብሉን። ከም ሳልሳይ መጋበርያ፡ ሓሶት

ንምንዛሕን ሓቂታት ንምዕፋንን ንምዝንባዕን፡ ጽልኢን ቅርሕንቲን ንምጥቓስ፡ ተዋዲዱ ዘሎ መናፍሕ “ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት” ዝበሃል’ውን ብዙሕ’ዩ። ንተጻብኦ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ዝፈሓስ ዘሎ ቅሉዕን “ስዉርን” ሸርሒታት’ውን ዘይፈለጠ የለን።

መደምደምታ፦ እቲ ተበጊሱ ዝነበረ ትስፉው ሃንቀውታ፡ በኒኑ። ህዝቢ ኢትዮጵያ’ውን፡ ሕርያታቱ ፈሊጡ፡ ተቓውሞታቱ ከበራትዕ ይርአ’ሎ። ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ብልዑል ተስፋን፡ ብዘይ ዕቃበን፡ ነቲ ተበጊሱ ዝተባህለ እረማ/‘ረፎርም፡ ዘይተቘጠበ ደገፍ ምሃቦም፡ በዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሃንደበት፡ ዘጣዕስን ዘሰክፍን የብሎምን። ኣብ ሕሱር ናይ ሓሶትን ምንጃትን መኣዲታት’ውን ኣይዕደሙን’ዮም። ነቶም ሸርሒታት ዝፍሕሱ ዘለዉ ናይ ግዳም ሓይሊታት፡ “ኣእዳውኩምኣክቡ”፡ ነቶም ዝሰድዑን ዝደናደኑን ዕማኾ ኸኣ “ዓዲ ወዓሉ” ይብሉ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኹምን ዝኸበርክንን ዝኸበርኹምን

ኣብ ኣህጉራዊን ዞባዊን ምዕባለታት፡ ተጊህና ብጽሞና ክንከታተልን፡ ኣዛሚድና ከነንብብን፡ ሕርያታትና ፈሊጥና ክንግስግስን ንቡር’ዩ። ኣበው ከምዝብሉዎ ኸኣ፡ “ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ”፡ ከምኡ’ውን “ካብ ጒይይ ምዓል፡ ክሳድ ምሓዝ” ‘ዩሞ፡ ቈላሕታን ኣተኵሮን ኣብ ዘቤታዊ ኵነታትናን ምዕባለታቱን ሕመረታዊ’ዩ።

ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኵነታት፡ ቅድሚ ኩሉ ዝስራዕ ቀዳምነትና ኸኣ፡ መኸተ ልምዓት’ዩ።

ከከም ቀዳምነቶም ኪሰላሰሉ ዝጸንሑ ልምዓታዊ መደባትና፡ በብጽላቶም (ማይ፡ ጸዓት/ ኤለትሪክ፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ትሕተ-ቅርጺ - ብቐንዱ መንበሪ ኣባይቲ፡ መጐዓዝያ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቱሪዝም፡. . . ወዘተ) ብተወሳኺ ድርኺት፡ ኣድማዕነቶም ምእንቲ ኪረጋገጽ፡ ኣብ 2025፡ ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት ተኸፋፊሎም፡ ውጥናት ኪዳቓቐሎም፡ ንትግባረ ዘሳልጥ ጸጋታት ኪጐሳጐሰሎም፡ ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ዝሰፍሐ ተሳታፍነት ህዝቢ ተወዲቡ ኣበርክቶ ዝገብረሉ ኪኸውን፡ ጥሙር ልምዓታዊ መኸተ፡ ኣብ መስርሕ ኣሎ። ነቲ ብዝሰፍሐ ዝውደብ ዘሎ ሱታፌ ህዝቢ፣ ነቲ ብሓይሊታት ምክልኻል ኪዕመም ዝጸንሐ እጃም ልምዓት’ውን፡ ብስፍሓትን ዓይነትን ዓብዩ፡ ናይ ህዝቢ ዕማም ደሪዑ፣ ብዝሓሸ ኣወዳድባ፡ ኣብ ልምዓታዊ መኸተ ከም ዝሳተፍ ኪኸውን’ዩ። ዓሚ’ውን ጠቒሰዮ ከም ዝነበርኩ፡ ኣብ ወጻኢ ናይ ዘሎ ሓርበኛ ህዝቢ ዕቑር ዓቕሚታት፡ ምስ ንጡፍ ተበግሶታቱ፡ ኣብ ልምዓታዊ መኸተ ገዚፍ ኣበርክቶ ዝገብሩሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዝተበገሰ ሓሳብ፡ ንምውጣንን ምውዳብን ኪሕግዘና ዝተጀመረ መስርሕ ሓበሬታ ስለዘይተጻፈፈ፡ ኪጕተት ጸኒሑ’ዩ። ካብ 2ይ ፍርቂ 2025 ግን፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ምስ ናይ 6 ዞባታትን፡

ሓይልታት ምክልኻልን፡ ውሁድ ውዳበ፡ ኣብ ወጻኢ ናይ ዘሎዉ ሱታፌ ኣብ መኸተ ልምዓት፡ ከም 3ይ ውሁድ ኣካል ኲይኑ ኪሳተፍ'ዩ። እዚ ብውልቃውን ብእኩብን ብኮምን ደረጃታት ዝውሰዱ ፕሮጀክትታን ወፍሪታትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታትን ዓውድታትን ከይሓወስካ'ዩ።

ኣምር ልምዓታዊ መኸተና፡ ሓድሽ'ኳ 'ተዘይኲነ፣ ብቐንዱ ናይ ህዝቢና መነባብሮ፡ ኣውራ ናይቶም ዝተዋሰኑ፡ ብእዋናውነት ዘቃልል፣ ብዓቢኡ ኸኣ፣ ናይ ሓዋሩ ካብ ቁጠባ ዕንጋሎ ዘውጽኣና፡ ኣፍራይነትና ዘሐይልን፡ ምህርትና ብዘላቕነት ዘኻዕብትን፡ ናብ ምስናዕን ኢንዱስትሪያውነትን ዘሰጋግር ምእንቲ ኪኸውን'ዩ። መኸተና ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኲነን። ምስ ተገላባጢ ዓለማዊን ዞባዊን ምዕባለታት፡ ዲፕሎማስያዊን ዜናዊን/ ሓበሬታዊን ግንባራት'ውን ከይረሳዕካ'ዩ። ማልን ካልእ ጸጋታትን መሳለጥያን፡ ኣገዳሲ ይኹን'ምበር፣ እቲ ወሳኒ ፡ ውፉይን ጻዕረኛን ሰብ ስለዝኾነ፣ ቅሳነት ዝህብ ውሕስነት ሒዝና ኢና ንግስግስ ዘሎና። ፍጹም ዝዓግቶ ሓይሊ ድማ የለን።

መስመርና ድርዕና! መስመርና ድርዕና!

መስመር ዘቕንዑ ሰማእታት መስመር ዘቕንዑ ሰማእታት ይተሓበኑ! ይተሓበኑ!

ዓወት ንሓፋሽ!